# HÄNG MED SPRÅKTÅGET!




## ነታ ናይ ቋንቋ ባቡር ውሰዱዋ!

Tigrinja

ምስ ቆልዑ ኬንካ መጽሓፍቲ ምንባብን ምግንጻልን ዘደስትን ምቹእን ክኸውን ይኽእል ኢዩ - ነቲ ናይቲ ቆልዓ ዘረባን ቋንቋን ድማ የነቓቕሖ። ነቲ መጽሓፍቲ ምስ እንበብኩምን ነቲ ኣብኡ ዝኸውን ዘሎ ምስ ተዘራረብኩምሉን፡ እዚ ውን ነቲ ቆልዓ ናይ ፈጥራውነት፣ ኣተኩሮን ዝርብብን ክእለቱ ከዕቢ ይሕግዞ።




## 1 ብሓባር ኣንብቡ

ቋንቋ ምስ ካልኦት ሰባት ክንዋሳእ እንከሎና ይዓቢ። ብሓባር ከተንብቡ እንከለኹም እቲ ቆልዓ ንጡፍ ክኸውን ሕደግዎ፡ ነቲ ዘውጾ ቃላት፡ ድምጽታትን ምልክታትን ድማ ኣድህቡሉ። እቲ ምንባብ ንምዕባለ ቋንቋ ኣዝዩ ጠቓሚ ንክኸውን ንናይቲ ቆልዓ ፍጥነት፡ ተገዳስነትን ግብረ-መልስን ተኸተልዎ።.

## 2 መጽሓፍቲ ምምራጽ

ውላድኩም ደስ ዝብሎን ዝምስጦን ከምኡ ውን ምስቲ ደረጃ ቋንቋኡ ዝኸይድ መጽሓፍቲ ምረጹ። ምምራጽ ብርቱዕ ኮይኑ እንተረኺብኩሞ፡ ኩሉ ግዜ ነቲ ቤት-ንባብ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ መጽሓፍቲ ብነጻ ክትልቅሑ ትኽእሉ።



## 3 ንምንባብ ምቹእ ግበርዎ

ኩሉ ግዜ ናይ ምንባብ ግዜ ክህልወኩም ፈትኑ - እዚ ግዜ እዚ መጽሓፍቲ እተንብብሉን እትፍትሹሉን ህዱእ ግዜ ኢዩ። ኣካላውን ናይ ዓይኒ ርክብ ንክህልወኩም ተቐራሪብኩም ብሓባር ኮፍ በሉ። ዝርብሸኩም ነገር ከም ዘየለ ድማ ኣረጋግጹ። ንሓደ መጽሓፍ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ከተንብብዎ ኣየድልየኩምን ኢዩ፡ ኮፍ ኢልኩም ነቲ መጽሓፍ ብሓባር ምግንጻልን፡ ነቲ ነቲ ቆልዓ ዝምስጦ ነገራት ብቓላት ምቕራብን ቋንቋ ክምዕብለሉ ዝኽእል ጽቡቕ መንገዲ ኢዩ።

## 4 ስእልታት ርኢኹም ብገዛእ ቃላትኩም ኣቐምጥዎም

ንፍጻመታትን ስእልታትን ብገዛእ ቃላትኩም ዝተፈላለየ ድምጽምታትን ምልክታትን ጌርኩም እንተገሊጽኩሞም ዝበዝሕ ግዜ ናይቲ ቆልዓ ኣተኩሮ ምርካብ ዝቐለለ ይኸውን።
ግዜ ወሲድኩም ንስእልታት ኣመልክቱን ግለጹን። እዚ ውላድኩም ነቲ ዛንታ ንክኸተሎ ይሕግዞ ሓደስቲ ቃላት ንክመሃር ድማ ዝያዳ ዕድላት ይፈጥረሉ።



## 5 ነቲ ዛንታ ብሓባር ኣዘንትትዎ

ምስ ውላድኩም ብሓባር ከተንብቡ እንከለኹም ንውላድኩም ንክሳተፍ ዕድል ሃብዎ፡ ንኣብነት፡ ቃላት ምሉኣት ሓሳባትን ንክምልኡን ሕቶታት ክምልሱን ዕድል ብምሃብ። ግዜ ብምውሳድ ነቲ ውላድኩም ዝብሎ ኣረጋግጹሉን ኣስፍሕዎን። በዚ መንገዲ እዚ፡ ውላድኩም ብኸመይ ቋንቋኡ ከማዕብል ከም ዝኽእል ተርእይዎ። ንደ መጽሓፍ ሓያሎ ግዜ ምስ እንበብኩሞ፡ ውላድኩም ኣብቲ ስእልታት ተሞርኪሱ ጥራይ ንብምሉኡ እቲ ዛንታ ክነግር ይኽእል ኢዩ።



## 6 ብኹሎም ቋንቋታት ናይ ውላድኩም ኣብብቡ፣ ዘምሩን ኣዘንትዉን

ንባብ ዝንበበሎም ቆልዑ ዝበዝሐ ቃላት ከም ዝፈልጡን ንኣሽቱ ቆልዑ ብሓንሳብ ሓያሎ ቋንቋታት ከጽንዑ ይኽእሉ መጽናዕታት የርእዩ። ስለዚ ብኹሎም ውላድኩም ዝፈልጦም ቋንቋታት ኣንብቡ፡ ዘምሩን ኣዘንትዉን! እዚ ንናይ ውላድኩም ምዕባለ ቋንቋ ክሕግዝ ኢዩ።

## 7 ነታ ናይ ቋንቋ ባቡር ውሰዱዋ

ነታ ናይ ቋንቋ ባቡር ውሰዱዋ
ናይ ቆልዑ መጽሓፍቲ ውላድኩም ከም ምርዳእ፡ ቃላት፡ ሰዋስውን ኣደማምጻን ዝኣመሰለኡ ናይ ቋንቋ ክእለታት ንከማዕብል ንክትህግዝዎ ይሕግዙኹም። ምቹእ መጽሓፍቲ ንምርካብ ሓገዝ እንተደሊኹም ንቤት-ንባብኩም ብዝዕባ እቲ ናይ ቋንቋ ባቡር ዝርዝር ንባብ ሕተትዎ።

ካብቲ ቤት-ንባብ ብነጻ
መጽሓፍቲ ክትልቅሑ
ትኽእሉ ኢኺይም።
እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!

እታ ናይ ቋንቋ ባቡር፡ ናይ ቆልዑ ምዕባለ ዘረባን ቋንቋን ብኸመይ ክነቓቓሕ ከም ዝኽእል ንወለዲን ንካልኦት ምስቶም ቆልዑ ብቐረባ ዝረከቡ ሰባትን ምኽርታት ምዕዶታትን ትህብ። እታ ናይ ቋንቋ ባቡር ቆልዑ ዝተፈላለዩ መዳያት ናይ ቋንቋኦም ከማዕብልሉ ኣብ ዝኽእሉ ዝተፈላለየ መደበራት ደው ትብል። ገሊኦም ኣብ ገለ መደበራት ንቁሩብ ንውሕ ዝበለ ግዜ ደው ክብሉ የድልዮም፡ ካልኦት ድማ ቀልጢፎም ክሓልፉ ይኽእሉ። ዝኾነ ሰብ ነታ ናይ ቋንቋ ባቡር ክወስዳ ይኽእል ኢዩ!

እታ ናይ ቋንቋ ባቡር ብምትሕብባር ኣብ መንጎ ናይ ናይ ምምሕዳራት ኣብያተ-ንባብ፡ ክንክን ጥዕና ቆልዑን ናይ ዞባ ስቶክሆልም ናይ ዝርርብ ሓካይምን ትካየድ።

ILLUSTRATION: MOA GRAAF ©REGION STOCKHOLM

VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN